
# <u>ሓጺር ታሪኽ ህይውት ወ/ሮ ኣብርሃጽዮን ወልዳይ ይሕደጎ</u>

07.11.1950 - 04.12.2010



ወ/ሮ ኣብርሃጽዮን ወልዳይ ይሕደጎ ብዕለት 07.11.1950 ካብ ኣቡኣ ኣቶ ወልዳይ ይሕደጎ ካብ ኣዴኣ ወ/ሮ ኣንገሰት ማዕቀባይ ኣብ ቆሾቶ ጉሮቶ ተወልደት። ካብኡ ኣብ ዓዲ ኳላ ምስ ስድርኣ ዓብያ ዕድሚኣ ምስ ኣኸለት ናይ መባእታ ትምህርቲ ካብ 1ይ ስጋብ 8ይ ክፍሊ ከኣ ኣብ ቤት ትምህርቲ መባእታን ማእኸላይን ደረጃ ኣብ ዓዲ ኳላ ዛዚማ። ትምህርታ ብምቕጻል ናይ ካላኣይ ድረጃ ትምህርቲ ኣብ ከተመ መንደፈራ ሳንጆርጆ ዛዘመት።

ካብኡ ኣብ University public Health College ኣብ ጎንደር ብነርሲን ብቐዳማይ ብልጫ ተመረቐት። ብናይ ነርሲን ሥርሓ ኣብ ኤርትራን ኢትዮጵያን እንዳኣገልገለት ኣብ ሓፋሽ ውድባት ናይ ኤርትራ ብምስላፍ ኣብ 1970 ክትቃለስ ጸኒሓ ኣብ ጎንደር ብጥርጣሬ ተታሒዛ ኣብ ናይ ጎንደር ቤት ማእሰርቲ ተኣስረት።

ድሓር ምስ ሓፋሽ ውድባት ብምትሕብባር ኣብ 1977 መወዳእታ ናብ ከተማ ኣስመራ ብምምጻእ ኣብ ናይ ፈዳይን ስርሒት ኣብ ማእኸል ጸላኢ ብምስጢር ናይ ፋርማሲን ናይ ፈዳይን ንብረት ወኒና ስራሕ እንዳካየደት ከላ ብጥቆማ ተታሒዛ ኣብ ማርያም ግንቢ ተኣሲራ ብዙሕ ማእሰርትን ስቓይን ረኺበት። ብናይ ምስጢር ፈዳይን ኣብ ውሽጢ ንዝሰርሑ ውሕስ ብምግባር ካብ ኣስመራ ናብ ሜዳ ወጺኣ ብሜዳ ገራ ናብ ስደት ናብ ሱዳን ገጻ ኣምርሔት።

ኣብ ሱዳን ከኣ ኣብ ሆስፒታል ብሕክምና ሞያኣ ተገልግል ነበረት። ካብኡ ናብ ሃገረ ጀርመን ከይዳ እንዳተቐመጠት ከላ ብ1986 ምስ ዶክተር ጎይትኦም ወልደማርያም ቃል ኪዳን ኣሰረት። ኣብ ሃገር ጀርመን ሓዳራ እንዳገበረት ናይ ሃገራዊ ኣገልግሎታ ትቕጽል

ነበረት። ድሕሪ ናጽነት ድማ ምስ በዓል ቤታ ንኤርትራ ብምእታው ብሕክምና ሞያኣ ንኣርባዕት ዓመት ናይ ሓዊ ሓደጋ ዘጋጠሞም ናይ ምእላይን ከሙኡ እውን ኣብ ጊዜ ናይ ዶብ ኩናት ውጉኣት ወተሃደራት ብምእላይን ዓቢ ኣበርክቶ ብምግባር ኣገልገለት። ብድሕሪኡ ብ2002 ዓ.ም. ናብ ጀርመን ተመልሰት። ኣብ ሃገረ ጀርመን ከኣ ብናይ ነርሲን ሞያኣ እንዳሰርሔትን ኣብ ናይ ማሕበር ምትሕግጋዝ ኤርትራውያን ቦንን ከባቢኣን ንጥፍቲ ኣባል ብምኻን ሓገዛ ተወፌ ነበረት። ናይ እግዝኣብሄር ፍቓድ ኮይኑ ድማ ብዝሓደራ ሕማም ምኽንያት ብሃንደበት ብዕለት 04.12.2010 ዓረፈት።